# ሓበሬታ ብዛዕባ ግዜ ትጽቢታት ንዑቐኣባ ዝሓተቱ ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦምን ኣብ ኖርወይ ወለዲ ዘይብሎም ቈልዑን

### ኣብዚ ዘለናዮ ወቕቲ ክረምቲ ብኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ቃለመሕተት ዝካየደሉን መልሲ ዝወሃቦን መን'ዩ፧

### ሶርያ

ክሳብ ዝኾነ ዝኾውን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ሕቶ ንጉዳያት ዑቕኣባነት ዜጋታት ሶርያውያን ዜጋ ኣልቦ ዝኾኑ ሶርያውያንን ከይተራእዩን ከይተወሰኑን ክጸንሑ ኢዮም። ሓያሎ ሃገራት ኤውሮጳ ተመሳሳሊ ውሳኔ ኣሕሊፈን ኣለዋ።

ኩነታት ሶርያ ጌና ኣይነጸርን ኢዩ ኣሎ፡ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDIን ግና ነቲ ኩነታት ብጥብቂ ይከታተሎ ኣሎ። እቶም ጉዳያት ዳጋም ክንርእዮምን ክንውስኖምን ግዚኦም ምስ ኣኸለ ተወሳኺ ሓበሬታ ሒዝና ክንምለሰኩም ኢና።

ኩሎም እቶም ዑቕባ ዝሓተቱ መልሲ ጉዳዮም ክወሃቦም ኢዩ።

እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ብጃካ ንሶርያ ንኩለን ካልኦት ሃገራት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ይኾኑ፡

### ክሳብ ወርሒ መስከረም ዘሎ እዋን ኣብዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ኢና ክንጸምድ፡

- ነቶም ኣብ ዓመተ 2024 ክሳብ ሕጂ ኣብ ኣብ ዓመተ 2025ን ቃለመሕተት ዘካየድናሎም መልሲ ንምሃብ ክንቅጽሎ ኢና።
- ማዐረ-ማዕሪኡ ድማ በይኖም ንዝመጹ ሓተቲ ዑቕኣባ ትሕተዕድመ ቃለመሕተት ከነካይደሎም ኢና። ጉዳይካ ጉዳይ ደብሊን ምስ ዝኾውን ግና፡ ጉዳይካ ኣብ ኖርወይ ድዩ ወይ ኣብታ ኣሰር ኣጻብዕትኻ ዝሃብካላ ካልእ ሃገር ንክረአን ከይርአን ንዝብል ክሳብ ዝጻረ ሓያሎ ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል ይኾውን'ዩ።

እንተድኣ ድሕሪ ቃለመሕተት ምክያድና ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ተወሳኺ ምጽርራያት ከነካይድ ዘየድልይዎ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ውሳኔና ከነሕልፍ ኢና።

### ስለምንታይ ኢዮም ገሊኦም መልሲ ጉዳዮም ቅድሜኻ ዝወሃቦም፧

ኣብ መልሲ ምሃብ ነቶም ዝነውሐ ዝተጸበዩ ኢና ብቐዳምነት ንሰርዖም። ናይ ገሊኦም ጉዳያት ግና፡ ካብ ናይ ካልኦት ጉዳያት ቃለመሕተት ንከነካይደሎምን ጉዳዮም ርኢና መልሲ ንክንህቦምን ዝያዳ ግዜ ዝወስደልና ኣሎ። ካብ ናይ ካልኦት ንላዕሊ ንውሕ ዝበለ ወላ ተጸበ ድኣ'ምበር፡ ጉዳይካ ተረሲዑ ኣሎ ማለት ኣይኰነን። ሓደ ጉዳይ ንክረአን ክውሰንን ግዜ ክወስደሉ ዝኽእል ምኽንያታት ከም'ዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም፡

- እንተድኣ ድሕሪ ቃለመሕተት ምክያድካ ንጉዳይካ ዝያዳ ከነጻርዮ ኣድሊዩና፡ ኣጻሪና ወዲና ክሳብ መልሲ ንህበካ ግዜ ክበልዓልና ይኽእል ኢዩ።
- እንተድኣ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ጉዳይካ ብካልእ ሃገረ-ደብሊን ክረአን ክውሰንን ኣለዎ ክብል ገምጊምዎ፡ ግዜ ክወስድ ይኽእል ኢዩ። ምናልባሽ ቃለመሕተት ንከተካይድ ካብ ናይ ካልኦት ንላዕሊ ንውሕ ዝበለ ክትጽበ ትግደድ ትኾውን ኢኻ።

ቃለመሕተት ዘየካየድካሉ ወይ እውን መልሲ ዘይተዋሃብካሉ ካልእ ምኽንያታት ኩይኑ፡ ግዜ ዝወሰደሉ ምኽንያት እንታይ ከም ምዃኑ ብዝብል ንጠበቓኻ ንሕብሮ ኢና።

ነዊሕ ክትጽበ ከቢድ ከም ምዃኑ ዘይርድኣና ኣይኰነን፡ ኩሎም እንርእዮም ጉዳያት ሕቶ ዑቕባነት፡ ዓቕምና ብዘፍቅዶ ኣብ ዝቐልጠፈ ንምስላጥ ኣበርቲዕና ኢና ንጽዕር።

ጉዳይየ መዓስ ኢዩ ዝውዳእ ኢልካ ንክትሓትት ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ምውካስ ኣየድልየካን ኢዩ። መልሲ ጉዳይካ ንጠበቓኻ ኢና ንሰዶ።

## ግጹ ትጽቢት ንምሕጻር ብወገንካ ክትገብሮ ዘድልየካ እንታይ’ሎ፧

### ዘለካ ሰነዳት መንነት ኣብ ዝቐልጠፈ ከም ዝበጽሓና ብዕቱብ ጽዓር

ንፖሊስ ዘየረከብካዮም ሰነዳት እንተድኣ ኣለካ ኩይኑ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግድን ከተረክቦ ኣለካ። ሰነዳትካ ንምርካብ ንወኪልካ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

- ዝርከቡ መበቈላውያን ሰነዳት መንነት እንተሃልዮምኻ፡ ንፖሊስ ዘባ ከባቢኻ ኢኻ ከተረክቦም ዘለካ። ነቶም ዘለውኻ ሰነዳት ንምርካብ ንወኪልካ ሓገዝ ምሕታት ይከኣል ኢዩ።

- ቅድሓትን ስእልታትን እንተሃልዩካ ናብቲ እተካይዶ ቃለመሕተት ክትማልኦ ትኽእል ኢኻ፡ ወይ እውን ብፖስጣ ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ክትሰዶም ትኽእል ኢኻ፡ Utlendingsdirektoratet (UDI), Postboks 2098 Vika, 0125 Oslo። እትሰደልና ሰነዳትካ ብቊጽሪ-DUFካ ኣመልክተሎም። ነዚ ንምስላጥ ወኪልካ ክሕግዘካ ይኽእል ኢዩ።

## ሕደሳ ሓበሬታታት

እዞም ብዛዕባ ግዜ ትጽቢታት ዝምልከቱ ሓበሬታታት ካብ ዕለት 1 ሰነ 2025 ዝምልከቱ’ዮም።

እዚ ሓበሬታ እዚ ንዕለት 1 መስከረም 2025 ክሕደስ ኢዩ፡ ወይ እውን ኣብ መንጎ ዓበይቲ ለውጥታት ምስ ዝህሉው ኣቐዲሙ ክሕደስ’ዩ።